# Union of Tigreans in North America (UTNA)
# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 862-4367
Fax. (202) 265-8703

ዕለት፦ 05 ኦገስት፣ 2017

## ምስ ምኽባር ፌስቲቫል ትግራይ 2017ንን ጉባኤ ማተሰኣን ተታሓሒዙ ዘጋጠሙ ሕጽረታት ኣመልኪቱ ዘወጸ መግለጺ

### ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

ዝኸበርኩም ዕድመና ኣኽቢርኩም ዝመፃእኹም ኣጋይሽ፤ ብምኽንያት መበል 43 ዓመት ጉባኤ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካን ፌስቲቫል ትግራይ 2017ንን ኣብ ከተማ ላስ ቬጋስ ዝተዳለወ በዓል ተረኺብኩም፤ ብምሩፃትን ውሩያትን ከየንቲ ትግራይ ዝተዳለወ ባህላዊ ምርኢት ንክትሪኡን ንክትህደሱን ማተሰኣ ኣብ ዘዳለዎ መድረኽ ስለ ዝተረኸብኩም ማሕበርና ምስጋንኡ ይገልጽ።

ናይ ሎም ዘበን ጉባኤና ከምቲ ልሙድ ካብ ዝተፍላለያ ጨናፍርና ተወኪሎም ብዝመፁ ኣባላትን ሓፋሽ ተሳታፊ ዝተኻየደ ድሙቕ ጉባኤ ነይሩ። ተሳታፋይ ጉባኤ ካብ ጨናፍር ዝመፀ ሪፖርት ኣድሚጹ፤ ምንቅስቓስን ኩነታት ማሕበሩ ገምጊሙ፤ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲን ግደ መናእሰይ ኣብ ግምት ብዘእተወን መልክዑ ድምጺ ብምሃብ ንቐጻሊ ክልተ (2) ዓመት ብድሌት ዘገልግልዎ መራሕቱ መሪፁ። ብተወሳኺ ማሕበር መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ብደረጃ ሰሜን ኣሜሪካን ተመስሪቱ ኣሎ። እዘን ማሕበራት እዚኣን ኣብ በቢ ከባቢኡ ብተወከልተን ኣመራርሕኦንን ኣቢለን ስለ ዝርከባ፣ ነተን ማሕበራት ንምጥንኻር ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ሓገዝኩም ንክተበርክቱለን በዚ ኣጋጣሚ ንጽውዕ።

ከም ዝፍለጥ ማሕበርና ምስ ዓድን ህዝብን ዘለዎ ስጡም ምትእስሳርን ዝምድናን ተጠቒሙ፣ መራሕቲ ውድብን ላዕለዎት ኣካላት መንግስትን ክልልና ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ጉዳይ ሃገርናን ክልልናን ኣመልኪቱ ህዝባዊ ዋዕላ ክሳለጥ ምክያድ ’ዩ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ሎም ዘበን ‘ውን ህዝባዊ መድረኽ ኣዳሊና ህዝብና ብዛዕባ ክልሉን ሃገሩን መብርሂ ክረክብን ሕቶታቱ ክምለስሉን መድረኽ ኣዳሊና ኢና።

ካሊእ ንጉባኤና ንፌስቲቫልናን ዘድምቖን ዝጸንበሎን፣ ህዝብና ከህድሱን ከለዓዕሉን ካብ ትግራይና ዝመፁ ውሩያት ከየንቲ ድምፃውያን ጉጅለ ባህሊ ክልልና ኣብ ሞንጎና ምርካቦም እዩ። ካብ ዝተፈላለየ ከባቢ ንዝመፀ ህዝብና ከህድስዎ ቆንዮም። ይኹን ድኣ ምበር ኣብ ኩሉ ናይ ተሃድሶን ምዝንጋዕን ምድላዋትና ጽበት ኣዳርሽ ከም ዘጋጠመን፤ ብተወሳኺ ድማ ኣብ መብዛሕቲኡ እቲ ዝተዳለወ ኣዳራሻት ደረጃኡ ኣዝዩ ዝውረደ ስለ ዝነበረ ካብ ሩሑቕን ካብ ቀረባን ዝመፀ ህዝብና ከምቲ ዝግበኦን ዝተጸበዮን ግልጋሎት ኣይሃብናዮን። ዝሓዝናዮ ኣዳራሽ ምፅባቡ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንህዝብና ዘይምጥን መለኪዕኡ (standard) ትሑት ብምንባሩ ኣዝዩ ዘሕዝን ኩነታት ተፈጢሩ። ስለዝኾነ ንዝፈጸምናዮ ጌጋን ኣብ ህዝብና ዘብፃሕናዮ ዓንቀፍቀፋትን ምጉዳል ምቾትን ኣመራርሓ ማተሰኣ ምሉእ ሓላፍነት ይውስድ፤ ይቅሬታ ድማ ይሓትት። ከምዚ ዓይነት ህዝብኻ ዘናእስ ስራሕ ብዝኾነ ይኹን ዓይነት መልክዒ ተቐባልነት የብሉን። ካልኣይ ከይድገም ኣድላዪ ዘበለ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና። ኣብ ቀፃላይ መደባትና ዝግባእ ክብርን ኣገልግሎትን ብምሃብ ንህዝብና ክንክሕስ ምኻንና ቃል ንኣቱ።

ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት ማተሰኣ

ዋሽንግተን ዲሲ